# ወንጌል ማርቆስ
# 3ይ ክፍሊ

**ሓፈሻዊ ኣመቓቕላ ወንጌል ማርቆስ እንሆ**

**፩ይ ክፍሊ**

| | | |
|---|---|---|
| | "ስብከት ዮሓንስ መጥምቕ" | (1፡ 1 - 8) |
| **መቅድም** | "ጥምቀት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ | (1፡ 9 - 12) |
| | "ፈተና ጐ.ኢየሱስ ክርስቶስ" | (1፡ 13) |

**፪ይ ክፍሊ**

| | | |
|---|---|---|
| | "ጸዋዕታ ቀዳሞት ሐዋርያት" | (1፡ 16 - 20) |
| | "ኢየሱስ ኣብ ቅፍርናሆም" | (2፡ 1 - 3፡ 6) |
| **ግብረ** | "ኢየሱስ ኣብ ገንሳሬጥ" | (3፡ 7 - 35) |
| **ተልእኮ** | "ምሳሌታት ጐ.ኢየሱስ ክርስቶስ" | (4፡ 1-34) |
| | "ተኣምራት ጐ.ኢየሱስ ክርስቶስ" | (4፡ 35 - 5፡ 43) |
| | "ምብርካት እንጌራ" | (6፡34 - 8፡ 26) |
| | "ጥቅስታት ብዛዕባ መሲሕ" | (8፡27 - 9፡32) |

**፫ይ ክፍሊ**

| | | |
|---|---|---|
| **ግብረ** | "ኢየሱስ ኣብ ኢየሩሳሌም" | (11፡1 - 13 ፡37) |
| **ሕማማት** | "ሕማማትን ሞትን ትንሣኤን" | (14፡1 - 16 ፡20) |

**ለቡ።** መደምደምታ ወ-ማርቆስ (፲፮፡ ፱ - ፳) ባህርያዊ መልክዑ ስለዘይኀዘ ድሒሩ ዝተጻሕፈ ጥራሕ ዘይኮነስ ብስነ ጽሑፋዊ መልክዑ ኮነ ብአቀራርባ ታሪኹ ናይ ማርቆስ ኣይመስልን። ብተወሳኺ ኸዓ ኣብ ክልተ ጥንታውያን ብራናታት ተጻሒፉ ስለዘይርከብን፡ ብዙሓት ቀዳሞት ኣበው ቤተክርስትያን ከም ሓደ ክፍሊ ወንጌል ማርቆስ ስለዘይተቐበልዎን ድሒሩ ብካልእ ጸሓፋይ ዝተወሰኸ ቃላት ኢየን ክንብል ንግደድ።




## ፭ - ትምህርትን ዕላማን ወንጌል ማርቆስ

ኵሎም ወንጌላውያንን መንፈሳውያን ደረስትን ኣብ ጽሑፋቶም ዚኽተልዎ መደብ ናይ ሰማዕቶምን ኣንበብቶምን ግንዛቤ ኢዩ። እቶም ተቐበልቲ መልእክቶም ብዝቐለለን ብዝጠዓመን መንገዲ ነቲ ክቡር ትምህርቲ ብጽሬት ከም ዚሕዝዎ ምጥባብን ምጽዓርን ኢዩ ስክፍትኦም።

ቅ-ማርቆስ ንሮማውያን ይጽሕፍ ነበረ። ላቲናውያን ብተፈጥሮኦም ሰብ ሥርዓትን መደብን ፍትሕን ተግባራውያንን ተባዓትን ነበሩ። ብኀብረትን ሥምረትን ተመሪሖም፡ እናበርትዑን እናደንፍዑን ንኹሉ ማሪኾም ናይ ዓለም ገዛእቲ ኮይኖም የመሓድሩ ነበሩ። ኣስተንተንትን ተራቐቕትን ዘይኮነስ ተግባራዊ ጠባይ ከምዝነበሮም ኣስተውዒሉ፡ ማርቆስ ብጽሑፉን መለኮታዊ ትምህርቱን ተገዳስነት ንኬሕድረሎም ብዘይካኡ ከኣ ውስጣውን መንፈሳውን ጽባቔን ጣዕምን ላዛን ንምስትምቓሩ ምእንቲ ኪበቕዑ ንኢየሱስ ክርስቶስ ከም ሐደ ሠራሕ-መንክርን ኃይልታትን ገይሩ የቕርባሎም። ቅ-ማርቆስ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ብብዝኂ ቃላትሲ ብጸብለልታ ተኣምራት ኣቕሪቡ ነቲ ተባዕን ጽኑዕን ጠባይ ኀልናኦም ከምዚማርኽ ገይሩ መደብ ወንጌሉ ሠርዔ።

ማርቆስ ወንጌላዊ ብናይ ጐ. ኢ. ክርስቶስ ስድራን ሐረገ ትውልድን ጽንሰትን ልደትን ዜና ንእስነትን ከይተገደሰ፡ ነቲ ናይ ጽሎት ኣርኣያ ኪኸውን ዚጥቀስ ካብ ጥልቂ ልቢ ጐ.ኢ.ክርስቶስ ዝነትዔ *“ኣብ ሰማይ እትነብር ኣቦና”* ዚብል ጸሎት’ኳ እንተዘይስፈረን ኣስፊሑ እንተዘየንተወን፡ ኣሕጽር ኣቢሉ ግን ንድኅነት ኣንበብቱ ዚኸውን ካብ ስብከት ጴጥሮስ ዚሰምዖ ብሥራት የቕርብ። ንኹሎም ነቶም ብሥጋ ወይ ብእምነት ውሉድ ኣብርሃም ዝኾነን ንኣምላኽ ዚፈርሑን ከአ እዛ ቃለ-ድኅነት “ናባና ኢያ እተላእኸት” እናበለ የካፍሎምን የመኀላልፈሎምን።

ማርቆስ ከምቶም ካልኦት ወንጌላውያን ብተሎጊያዊ ስክፍታን ሓሳባትን መንፈሳዊ ተቓውሞን ተንቀሳቒሱ ንመናፍቕነትን ክሕደትን ኬዕኑ ቢሉ ዝተላዕለ ኣይመስልን።

ወንጌል ማርቆስ ከመልክቶ ዚጽዕር መንፈሳዊ ትምህርቲ እንተሎ ኢየሱስ ብሓቂ እቲ ብነብያት ዝተተስፈወ መድኅንን መሲሕን ጐይታ - ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ኢዩ ዚብል ኣርእስቲ ኢዩ።

ማርቆስ ብዝያዳ ካብቶም ካልኦት ወንጌላውያን ኣብሪሁ ባህርያት ትስብእቲ ጐ.ኢየሱስ ክርስቶስ ይገልጽ።

ማርቆስ ንጐይታ ዚብል ቃል ክንድቶም ካልኦት ወንጌላውያን ብዙኅ ኣየዘውትርን ንሱ "ወዲ ሰብ" ወይ "መምህር" ዚብል መጸውዒ ኪጥቀም ይፈቱ።

ጐ.ኢ.ክርስቶስ ኣብ ወንጌል ማርቆስ ን14 ጊዜ "ወዲ ሰብ" ተባሂሉ ኪስመ እንከሎ ነቲ ኣብ ትንቢት ዳንኤል ፯፡ ፲፫-፲፬ ተጠቒሱ ዘሎ ብሰፊሑ ከኣ ነቲ ኣብ ትንቢት ኢሳይያስ ብዛዕባ "ባርያ ያህወ" ዚነግር ምዕራፋት ፵፪- ፵፫- ፵፱- ፶- ፶፪- ፶፫ ተጠቒሱ ዘሎ መሲሕ የስምዕ። ንሱ ከዓ ካብ ዳዊት ዚውለድ ብዓወት ዚመጽእን ዚነግሥን ምድራዊ ንጉሥ ዘይኮነስ ሰማያውን መንፈሳውን ንጉሥ ኢዩ።

ትውልዱ ካብ እግዚኣብሔር ኢዩ ብጥንቲ ዝነበረ ቅድሚ ጊዜ ዝተወልደ ኢዩ ንሱ ብትሑትን ሕቡን ኣገባብን ናብ ዓለም መጸ ምእንቲ ኀጢኣትናን ድኅነትናን ዝተሰውዔ መድኅን ኢዩ።

ኢየሱስ ኣብ ወንጌል ማርቆስ መሲሕነቱን ክብሩን ምእንቲ ከይነግሩ ንሰይጣውንትን ንሓዋርያቱን ነቶም ዘሕውዮም ሰባት'ውን ከይተረፈ ከጠንቕቖም ይርከብ። መሲሕነቱ ክሳብ ዕለተ-ሞቱ ምስጢራውን ሕቡእን ኮይኑ ኪተርፍ ይደሊ። ኢየሱስ መሲሕ ምዃኑ ንሕዝቢ ዝተገልጸ ኵሉ ተፈጺሙ ንሞት ምስተፈርደ ጥራይ ኢዩ (ማር.፲፬፡ ፷፩-፷፪ ፥ ፲፡ ፵፯-፶፪ ፥ ፲፩፡፩-፲ ተመልከት።)

ማርቆስ ሕማማትን ሞትን ጐ.ኢየሱስ ክርስቶስ ብኃይሊ ሰብ ከምዘይተፈጸመ ከረድእ ይደሊ ከመይ ጐ.ኢየሱስ ክርስቶስ ብድልየቱ ኢዩ ንኢየሩሳሌም ዚኸይድ (፲፡ ፴፪-፴፬ ) ንሕማማቱን ሞቱን ድማ ድሮ ብትንቢት ተዛሪቡሉ ነይሩ (፯፡ ፲፫ ።)

ወንጌል ማርቆስ እቲ ቀዳማይ ወንጌል ብምዃኑ ኣብቶም ጥንታውያን ክርስትያን ዝነበረ ሓሳብን እምነት ክርስቶስን ኬንጸባርቐልና ዚኽእል መጽሓፍ ኢዩ ዚብል ግምት ኣሎ።